# ወርሓዊ ድራር መኸተ ዋሽንግቶን ዲሲ.







## ጋንታ ኣዴታት ሳግም

መዛዘሚ ድራር ህዝባዊ መኸተ ዓመት 2012፣ ኣዴታት ጋንታ ሳግም ኣብ ወርሒ ሕዳር ብዘዳለዎኦ ኢና ተሰናቢትና። እቲ ሽዑ ዝነበረ ምሸት ኣዝዩ ምውቕን ፍሱህን ምስ ምሉእ ዘይጉዱል ሽሻይ፣ ባህላውን ሃገራውን ደርፍታት ዘአንገደ ምንባሩ፣ ኣብ ዝኽሪ ነፍሲ ወከፍ ተሳታፊ ናይ'ቲ ምሸት ተሳኢሉ ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣዴታት ጋንታ ሳግም፣ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፣ ንኻላኣይ ግዜኣን እየን ድራር ከዳልዋ ተወፍየን። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ምስጋና፣ ብስም ኩሉ ተሳታፊ ድማ ዮሃና።

## ፈላሚ ድራር መኸት፣ ዓመት 2013

## 19 ጥሪ 2013

ዓመት 2013፣ ዓመት ሰላም፣ ቅሳነትን ራህዋን፣ ዓመት ዕብየትን ጽቡቕ ትልምን ክትከውን እናተተምነና፣ ነዚ እንኣትዎ ዓመት መኸተ ድማ ካብ'ዞም ዝሓለፉ ዓመታት ዘረጋገጽናዮ ውህሉለ ዓወታት፣ ማዕቀብ ነበረያ-ነበረ ከሳብ ዝኸውን፣ ዝዓበየን ዝሓየለን ጭቡጥ ነባሪ መቐይሮ ከነመዝግብ፣ ዕጥቅና ኣትሪርና፣ ተወፋይነትና ሓድነትናን ኣበሪኽና፣ ወትሩ ከም ቀደምና ነቲ ኣሚኑ ሕድሪ ዝሃብና ህዝቢ፣ ንሕና ድማ ኣብ ሕድርና ኣሎና ንበሎ።

ነዚ ፈላሚ ድራር ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፣ ኣዴታት መኸተ ጋንታ ቦሎኛ፣ ንኻልኣይ ግዜኣን (ዙር) ንቀዳም ዕለት 19 ጥሪ 2013፣ ልዑል ምድላዋት እገብራ ኣለዋ። ከም ወትሩ ኣብ 600 L Street NW. ብሰላም የራኽበና። ዓወት ንሓፋሽ!



# ስእላዊ መርኣያ፣ ካብ ዓበይቲ ፍጻሜታት ምንቅስቓስ መኸተ 2012












